ቤት ትምህርታዊ መገዲ ትምህርቲ

ዝለዓለ ምጽዓር፣ ዝበርሔ ዕዮ ገዛ

ተመሃሮ ጊምናዝየም ወይ ድማ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ባህ ኢልዎም ንቤት ትምህርቲ ይኽዱ፣ ምምሃር ይፈትው እዮም ከምኡ ድማ– ምስ ግቡእ ኣዋን ቤት ትምህርቲ ከወዳደሩ ከለው – ንቤት ትምህርቲ ዝለዓለ ጻዕሪ ከርእዩ ይኽእሉ ወይ ድማ ይደልዩ፣ ዝበዝሑ ይመሃሩ። ዕለታዊ ክልተ፣ ምናልባሽ እውን ሰለስተ ሰዓት ሙሉእ ዕዮ ገዛ ምስራሕ ኣይርብሾምን እዩ። ናብ ጊምናዝየም ወይ ድማ ናብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ምእንቲ ክኣትዉ፣ ኣብቲ ግቡእ እዋን ቤት ትምህርቲ ከለው ጀሚሮም እውን ንፉዓት ተመሃሮ እዮም። ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ከብ ዝበለ ጻዕሪ ዘድልዮ ትምህርቲ ይመሃሩ፣ ጽቡቕ ነጥቢ ኣለዎም – እንተ ወሓደ 4.5 – ንብዙሓት ዓውደ ትምህርትን ሰፊሕ ንዝኾነ ድልየትን።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ነቲ ቀጻሊ ትምህርቲ ምቕጻል እንታይ እዩ ጥቕሙ:

- ባህ እንዳበለኩም ኢኹም ንቤት ትምህርቲ ትኽዱ ከምኡውን ብዙሕ ክትመሃሩ ትደልዩ።
- ዕለታዊ ምስ መሳቱኹም ምርኻብ ትፈትዉ ኢኹም።
- ንዝተፈላለያ ኣርእስታትን ዓውደ ትምህርታትን ድልየት ኣለኩም፣ ንሓደ ነገር ድማ ካብ መሰረቱ ክትፈልጡ ትደልይ (ኣጥሊቕካ ምምሃር)
- ኣብዘን ዝቕጽላ ዘለዋ ዓመታት፣ ካብቲ ኣብ ግቡእ እዋን ቤት ትምህርቲ ትሰርሕዎ ዝነበርኩም ንላዕሊ ንምስራሕ ቅርብ ኢኹም።
- ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዝቡቕ መሰረት ክኾኖ ዝኽእል፣ ንጹር ዝኾነ ዕላማ ሙያ ኣለኩም።
- እስኩም ሕጂ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንፉዕ ኢኹም ከምኡ ድማ ኣብቲ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ነቲ ከብ ዝበለ ጻዕሪ ዘድልዮ ትምህርቲ ኢኹም ትከታተሉ ዘለኹም፣ ልዕል ዝበለ ደረጃ፣ ማእከላይ ነጥብኹም ድማ ጽቡቕ እዩ።
- መማህራንኩም ጊምናዝየም ወይ ድማ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንምፍጻም ብቕዓት ኣለኩም ኢሎም እኣምኑ እዮም።

ማይጣን ፈተናታትን ናይ ማእከል ኣማኽርቲ ሙያ ከም ደገፍ

ማእከል ኣማኽርቲ ሙያ ውሳነ ክትገብሩ ከለኹም ትድግፉኩም እዩ። እሳ ቀጻሊ ቤት ትምህርቲ ክትደልዩ ከለኹም ወይ ድማ ንማእከላይ መፍትሒ ደገፍ ትህበኩም እያ። ብውልቅኹም ምስኡም ምእንቲ ኽትማየጡ ኣብቲ ናይ ከባቢኹም ማእከል ኣማኽርቲ ሙያ ወይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕተቱ። ኣብዚ ድልየትኩምን ክእለትኩምን ኣነጽርኩም ከተረጋግጹ ትኽእሉ፣ ድልየትኩም እንተ ኾይኑ ብፈተና። ምስ ኣማኻሪት ወይ ኣማኻሪ ሙያ ብዛዕባ ውሳነኹም ክትማየጡ ትኽእሉ፣ ንኣማራጺ ኣብ ግምት ተእትዉ፣ ናይ መመልከቲ ምጽሓፍ ምኽሪ ትረኽቡ ከምኡ ድማ ነቲ ዝቕጽል ስጉምቲ ትምድቡ።

ዝሰማማዕ ቤት ትምህርቲ ምርካብ

ንቤት ትምህርታዊ ዝኾነ ዝተፈላለየ ቀረብ ትምህርቲ ትምህርቲ ኣብ ኩለን ካንቶናት ኣሎ። ኣብ ኣኼባታት ሓበፊታ ወይ ድማ ኣብቲ መዓልቲ ክፋት ማዕጾ፣ እቲ ኣስተምህሮ፣ ስምዒትን መማህርትን ክምቲ እስኹም ትጽበይዎ ዓይነት እንተኾይኑ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ መርበብ ሓበፊታ ናይ ምምሕዳር ኣተዓባብያን ትምህርትን ካንቶንኩም (ኣብዚ ርኣዩ https://www.cdpe.ch/en/education-system/websites-of-the-cantons?set_language=en) እተን ቀጻልቲ ቤት ትምህርታት ብዙሕ ጊዜ „ማእከላይ ቤት ትምህርታት“ ተባሂለን እየን ዝጥቀሳ።

ድሕሪ ምእከላይ ካልኣይ ደረጃ እዘን ዝቕጽላ ትምህርታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ክፍጸማ ይኽእላ እየን:

ጊምናዝየም

ኣብ ጊምናዝየም ብዙሓት ግቡኣት ዝኾና መሰረታዊያን ዓውደ ትምህርታት ትምሃሩ። ኣብ ልዕሊኡ እውን ተወሰኽትን ቀንዲ ዝኾና ዓውደ ትምህርታትን ኣለዋ። ቦቲ ቀንዲ ዓውደ ትምህርቲ ብሓደ ሽነኽ ነቲ ፕሮፊልኩም እውን ትመርጹ ኢኹም፣ እዚ ማለት ድማ ኣብ ጊምናዝየም ምናልባሽ እውን ድሕሪኡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ነቲ ዋና መዳይ ናይ ትህምርቲ ድልየትኩም መገዲ ትጸርጉ ማለት እዩ።

ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድ ካብ እተን ብዙሓት ቀረባት ንፕሮፊልኩም ዝሰማማዕ ትመርጹ። ጊምናዝየም ክትመርጹ ከለኹም፣ ኣየናይ ቀረብ ናይ ማትሪክ ፕሮፊል ከም ዘሎ ኣስተውዑ:ንሓደ ናይ ማትሪክ ፕሮፊል ክትምዝገቡ ኣለኩም።

ካብቲ መርበብ ሓበሬታ ናይ ምምሕዳር ኣተዓባብያን ትምህርትን ካንቶንኩም ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ማትሪክ ሞዴላት ርኸቡ ከምኡ ድማ ኣብተን ኣኼባታት ሓበሬታ ተሳተፉ።

ማኣከላይ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲ (FMS)

ማእከላይ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲ በዳሂ ንዝኾና ንምሳለ ከምዘን ዝቐጽላ መዳያት ሙያ ጽቡቕ መሰረት ዝህባ እየን

- ጥዕና/ሳይንስ
- መራከቢ/ሜዲያ
- ስነ ምምህርና
- ማሕበራዊ ስራሕ
- ምቅንባር/ስነጥበብ
- ሙዚቃ/ትያትር/ሳዕሰኢት

ብዛዕባ ኣብ ካንቶንኩም ዘሎ ፍሉይ ሙያታት ኣብ መርበር ሓበሬታ ምምሕዳር ትምህርትን/ ኣተዓባብያን ርኸቡ ከምኡ ድማ ኣብ ከምኡን ዝኣመሰላ ኣኼባታት ተሳተፉ።

ናይ ሙሉእ እዋን ቤት ትምህርቲ ምስ ትምህርቲ ሙያ (EFZ)

ምናዳ ኣብተን ጥልያንን ፈረንሳይኛ ዝዝረበን ክፍልታት ስዊዘርላንድ ሙያታት ኣብ ናይ ሙሉእ እዋን ኒርት ትምህርቲ ምምሃር ይከኣል እዩ። ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ እዚ ኣብ ትምህርቲ ሙያታት ሸቐጥን ኢንፎርማቲክን ዝተወሰነ እዩ።

ኣብ ቀጸልቲ ቤት ትምህርታት ምእታው

ናብ እተን ቀጸልቲ ቤት ትምህርታት ምስጋር ከከም ካንቶኑ ዝተፈላለየ እዩ። ንጹር ዝኾነ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ምምሕዳር ትምህርትን/ ኣተዓባብያን ካንቶንኩም ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝተፈላለያ ቤት ትምህርታት ትረኽቡ። መማህራን ክፍሊኩምን ማእከላይ ኣማኸርቲ ሙያን እውን ኣነጺሮም ክሕብሩኩም ይኽእሉ እዮም።

ውልቃዊ ምቅርራብ

ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ክኣትው ዝሓስቡ ተመሃሮ ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ነዚ ምስግጋር ይቐረብሉ እዮም። ነዚ መሰረት ዝኸውን ምናዳ ኣብተን ዋናታት ዓውደ ትምህርታት ጽቡቕ ነጥቢ እዩ።

ኣብቲ ናይ መእተዊ ፈተና ክሕለፍ ዘለዎ፣ ብዙሓት መምህራን ንተማሃሮኦም ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ናይ መእተዊ ፈተናተት ንመቀራረቢ ክኾኖም ይህቡ እዮም። ኣብ መርበብ ሓበሬታት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ካንቶንኩም ወይ ድማ ምምሕዳር ትምህርትን/ ኣተዓባብያን እውን ከምኡታት ክትረክቡ ትኽእሉ።

ኣብ ብዙሓት ማሕበር ዓድታት ዘለዋ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርታት፣ ካብ እዋን ትምህርቲ ወጻኢ፣ ገንዘብ ዘይክፈሎ ከምዚ ዓይነት መቀራረቢ ኮርሳት የካይዳ እየን። ናይ ክፍሊ መምሃራን ብዛዕብኡ ይፈልጡ እዮም።

ብዙሓት ሸቀጥቲ ኢንስቱታት እውን እንተኾና ናይ ፈተና መቀራረቢ ይቐርባ እየን።

እዋን ተልመዴን

ኣብ ብዙሓት ካንቶናት ተመሃሮ ኣብ ሓደ ሓደ ጊምናዝየም ድሕሪ ምእታዎም፣ ድሕሪ 3-4 ዓመት ንዘሎ ፈተና ማትሪክ ምእንቲ ክፍቀደሎም፣ ነቲ እዋን ተሞክሮ (2 ክሳብ 3 ወርሒ ውይ ሓደ ወቕቲ ትምህርቲ) ሓደ ሓደ እዋን ከኣ ኣብ መወዳእታ ዓመት ትምህርቲ ነቲ መስገሪ ደረጃ ክሓልፉ ኣለዎም።